ሳምሶን/በርሀ ምሽት+ንግሆ 29-06-01

# ብምውጻእ ነቶግቲ ዝሰልጠኑ 120 ሰባት ተመሪቖም።

------ 0 -----

ብምውጻእ ነቶግቲ ንሓደ ወርሒን ሰሙንን ዝሰልጠኑ 120 ኣባላት ምእላይ ነቶግቲ ኤርትራ ሎሚ 29 ሰነ ኣብ ዓሻ ጎልጎል ተመሪቖም።

ኣብቲ ናይ ምምራቕ ሰነ-ስርዓት፡ ኮሚሽነር ኮሚሽን ምውህሃድ ምስ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ኣቶ ዓንደብርሃን ወልደገርጊስ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ኣብቲ ዝቐውም ጊዜያዊ ናይ ጸጥታ ቦታ ብወገናን ብጸላእን ዝተቐብረ ብዙሕ ነታጒ ምህላዉ ኣመልኪቱ፡ ንድሕነት ናይቲ ናብ

ዓድታቱ ዝምለስ ዘሎ ብኹናት ዝተመዛበለ ህዝቢ፡ ኣብ ምእላይ ነቶግቲ ዓቢ ዕማም ከምዝጽበየና ገሊጹ።

ንሱ፡ ነቲ ብወገን ኤርትራ ዝተቀብረ ነታጒ ዘመልክት ካርታ ብምህላዉ ኣብ ምእላዩ ብዙሕ ከምዘየጸግም ሓቢሩ። እንተኾነ ስርዓት ወያነ ፈጺሙ ነቶጉቲ ኣይቀበርኩን ክብል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብዚ እዋን“ ነቲ ዝቐበርክዎ ነተጉቲ ዘመልክት ካርታ የብለይ” ይብል ስለዘሎ ሰልጠንቲ ብርቱዕ ስራሕ ይጽበዮም ከምዘሎ ገሊጹ። ኣብ ምውጻእ ናይቲ ኣብ መሬት ኤርትራ ተቐቢሩ ዘሎ ነቶጉቲ፡ ኣህጉራዊ ሓገዝ የድልየና ኳ እንተኾነ ንድሕነት ህዝብና ክንብል

ንዓሞ ስለዘሎና ዓቢ ጥንቃቀ ክግበሩ ድማ ተላብዩ።

ኣቶ ዓንደብርሃን ኣስዒቡ፡ ተመረቕቲ ዝመጽእ ሰሙን ናብ ዝተመደብሉ ቦታ ክዋፈሩ ምዃኖም ድሕሪ ምሕባር፡ ንመንግስቲ ሆላንድን ንንሕቡራት ሃገራት ክፍሊ ምውጻእ ነቶግትን ስለቲ ዝገበርዎ ሓገዝ ኣመስጊኑ።

ኣቶ ዓንደብርሃን ኣብ መወዳእታ፡ ንሰልጠንቲ ዝተዳለወሎም ዓለምለካዊ ቅቡል ዝኾነ ሰርቲፊኬትን ንብትምህርቶም ጸብለልታ ዘርኣዩ ድማ ብልጫ ዓዲሉ።

ኣብቲ ናይ ምረቓ ሰነ-ስርዓት፡ ኣምባሳደር ሆላንድ ኣብ ኤርትራ ሚስስ ዩካ ብራንድት፡ ሓላፊ ጠቅላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብርጋዴር ጀነራል ዑመር ጠዊል፡ ኣብ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ሓላፊ ኣሃዱ ነቶግቲ ሚስተር ፊል ለዊስ፡ ዲፕሎማሰኛታት፡ ኣባላት ዓቃብ ሰላም ሰራዊትን ካልኦት ዕዱማትን ተረኺቦም ነይሮም።

እቲ ስልጠና ብውድብ ሕቡራት ሃገራት እዩ ተመዊሉ።

*****ኢ.ዜ.ኤ*****